# መልእኽቲ ንኹሎም ጉዱሳት ሰላም

## <u>ዓንደ ሕጊ</u>
## <u>ማሕበር ሰላምን ሕውነትን</u>
## <u>ስድራቤታት ትግርኛን ተዳወብቲ ብሄራትን</u>

<u>**መእተዊ፣**</u>
**ነዚ ማሕበር እዚ ከነቕውም ዝደረኸና ነቲ ናይ ውልቀ ረብሓ ውሑዳት ባእታታትን ጉጅለታትን ዝፈጠርዎ ዝፈጥርዎ ዘለው ህዝባዊ ምስሕሓባትን መሰል ስድራቤታት ግህስነትን ብዘትክልዎ ጭቆና ንብሰላም ብምክብባር ተሓላሊዮም ተሓባሒቦም ክነብሩ ዝግበኦም ፈላልዮም ኣናቒቶም ዝነብሩ ንምምካትን ካብ ሱሮም ቦርቂቕካ ምሕግሓግን ሰላም ንምስፋንን ነቕ ዘይብል ሰላምን ሕውነት ካብ ውሉድ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ለልዑላውነቱ (ናጽነቱ) ኣኽቢሩ ዝከባበር ሕብረተሰብ ንምርግጋጽ ዝተበገሰ እዩ።**

**ኣብ ዓለም**
**እቲ ብቛንቛ ባዕዳውያን ደሞክራሲ ዝበሃል ብቋንቋና ክትርጎም እንክሎ መሰል ደቂ ሰብን ሓበራዊ ረብሓታቶም ምምዕባልን ኮይኑ እሂን ምሂን ዝበሃል ምምኻርን ምምክብባርን ከም ዝኾነ ታሪኻዊ ኣፈጣጥራና ብንኣበሓጎታትና ኣቦሓጎታቶም ዝተሰረተ ቅዱስ መንፈስ ምንባሩ ታሪኽ ኣፈጣጥራና መዝገቡ ገንጺልና ምስ እንርኢ ነቕ ዘይብል ሓቂ ምስክር እዩ።**

**ብሄር ትግርኛ**
**ኣብ እተፈላለየ ዘመናት ኣወንታውን ኣሉታውን ተመኩሮ መነባበሪ ዝሕለፈ እዩ። ኣወንታዊ መነባብሮኡ ዝዝከር እዚ ኣብ ክልተ ሃገራት ማለት ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝነብር ስድራቤታት መመሬቱ ደዶባቱ ፍሉይን ልሉይን ይንበር ድኣ እምበር እቲ ሕብረተሰብ ደቂ ሓንቲ ሃገር ሓደ ስድራቤት እንተዘይኮይኑ ናይ እተፈላለያ ደዶብን ዘለወን ሃገራት ኣይመስሉን ነይሮም።**

"<u>**ሕውነቶም ፍቕሮም ንምድልዳልን ንተጸባእነት (ባእሲ) ንምስሕሓባት ባይታ ከይወሃብ ከኣ ሕውነቶም ብመውሰቦ ጠሚሮም እዮም።**</u>

**ባዕዳውን ገዛእቲ**
**ክወሩ ክብሉ ዝተዋህቦም ጸፋዒ መልሲ**
**ክንጠቅስ**
**መግዛእቲ ኢጣልያ ብብሄራት እተመሰረተት ሃገር ኤርትራ ብዕለት** 30-10-1890 **ምስ መስረተ፣ ነቲ ዝተሰረተ ህዝቢ ከም ግዙኡ ገይሩ ኣብ ምዕስካሩ ምስ ሓለነ ምእዙዛተይ ኢዮም ኢሉ ዕላማ ምስፍሕፋሕ መግዛእቱ ኣብ ዘተኮረሉ እዋን ንህዝቢ ትግርኛ ኤርትራ ኣዕጢቑ ንኢትዮጵያ ክወራ ምስ ነቐለ ጉዕዞ ምስፍሕፋሕነቱ ዶብ ኤርትራ ሰጊሩ መጀመርያ ኹናት ዝኣወጆን ዝኸተቶን ንምግባት ብሄረ ትግርኛ ኢትዮጵያ እዩ። እቲ ተኣማሚኑሉ ዝነበረ ዕስኩር ወታሃደር ጣልያን ብሄር ትግርኛ ኤርትራ እቲ ኹናት ንቕዝፈት ኣሕዋቱ መዋስብቱ ብሄር ትግርኛ ኢትዮጵያ ምዃኑ ብምስትብሃልን ምርዳእን ውሑዳት ዘይተረድኦም**

እንተዘይኮይኖም ዝገዘፈ ሓይሊ ኣብ ጎድኒ ኣሕዋቱ ኢትዮጵያውያን ብሄረ ትግርኛ ተሰሊፉ ሕርሕራይ ገይሩ ንገባቲ ሃጸይነት ኢጣልያ ዘቢጡዎ እዩ።

"ናይዚ ታሪኽ እዚ ነቐ ዘይብል ምስክር ሰነድ ሹናት ብዓወት ውግእ ዓድዋ ዝዝከር ክሳዕ ሕጂ ብዓወት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኢምበራጦርያ ጣልያን ዕለት 5 ግንቦት 1896 (ብግሮጎርያዊ ፈረንጃዊ ኣቆጻጽራ) ተመዝጊቡ ስለ ዘሎ ነቐ ዘይብል ምስክር እዩ።

### ከም መዘከር ብሂል
### ክንደግም

ኣብቲ ዘመን እቲ መራሕ ሓይሊ ዕስኩራት ዝነበሩ ክቡር ኣቦ ኤርትራዊ ኣባ ጥመር ደጊያት ባህታ ሓጎስ ነቲ ዝነሃሃር ዝነበረ ሹናት ኣብ ልዕሊ ኣሕዋት ብሄር ትግርኛ ምንባሩ ኣለልዮም ዕስኩር ጣልያን ክነሶም ንጣልያን ተገልቢጦም ተዋጊኦሞም ግዳይ ኣውያት ገይሮሙዎም ኣላሽ ንምባል ቫ ቤነ ባህታ- ሕራይ ባህታ ኣብ ምባል ኣብቂዮሙዎም።

### እዚ ተመኩሮ እዚ

ንጣልያን ይኹን ንክግብቱ ዝውጥኑ ሃጸያውያን ባዕዲ ይኹን ውሻጠ ኢትዮጵያ ስርዓታት ምህሮ ኾይኑዎም እዚ ጥሙር ሕውነት ብሄረ ትግርኛ ጥምረቱ ከይበንጠስካ ክትግብቶ ከም ዘይትኽእል ገምጊሞምን ተረዲኦምን ነዚ ሕውነት እዚ ንምብታኽ ኣሎ ዝበሃል ቶንኮላዊ ውዲታት ተፈልሲፉ ተጻዊሩ ይውህና ዘገረሆም ውልቀ ረብሓ ዝዓጠጦም ተዋፊርቲ ኣዋፊሮም ነታ ጠማሪት እንኮኣዊት ፈትሊ ሕውነት ብሄረ ትግርኛ ኤርትራን ብሄረ ትግርኛ ኢትዮጵያ ኣላሕሊሖም ኣብ ነንሕድሕዱ ኽኣ ኣፈሓፊሖም።

### ኣብ ናይ ዘመንና
### ተርእዮ

ስርዓት ሃጸይነት ሃይለስላሴ ብዝቐደምዎ ገበትቲ ስርኣታት ዝተማህሮ እከይ ምህሮ ተጠቒሙ ግዝኣቱን ግብትነቱን ሓለዋ ምርሕሓቕን ምትሕንናቕን እቶም ንሶም ከይተበትኩ ነይምለኹ ዝተባህሉ ዝተጸንዑ ብሄረ ትግርኛ ብዕቱብ ኣተግቢሩዎ ድሕሪ ውደቀቱ ኽኣ ተካኢኡ ገልባጥ ስርዓት ወታሃደራዊ ስርዓት ደርግ ቀጺሉዎ።

### ሰዓት ኣኺላ፡

ልዑላውነቱ ዝተዘምተ ብረታዊ ሓይሊ ንእዞም ጨቆንቲ ገዛእቲ ምስ ዓለመለኻውያን ዓንገልቱ ነቲ መንነቱ ክኽበረሉ ዝዋግኦም ዝነበረ ኩሉ ዓቕምታቱ እናወፈየ፡ መሰል ህላዌኦምን ክብረ ብሄሮኦምን ንምርግጋጽ ዝቃለሱ ምእንቲ ክብረ መሰል ህዝቦም በጃ ክሓልፉ ዝተወፈዩ ጀጋኑ መመደብ ዕላማኦም ተኸባቢሮም ብሓዶ ጉዕዞ መስመር ጸረ ዕፈና ጸረ ግበታ መኪቶምን መላኺ ስርዓታት ምስ ዓንገልቱ ኢዱ ሂቡ ሃጽ ከም ዝብል ገይሮሙዎ።

### እዚ እውን ተመኩሮ ኾይኑ

እቶም ምእንቲ ህዝብን ሃገርን በጃ ክኾኑ ዝተወፈዩ ብሄር ትግርኛ ኢትዮጵያ መሰልና ማለት መሰል ኩለን ብሄራት ኢትዮጵያ እዩ ኣብ ዘምርሔ ቅዱስ መርሖ እናተጓዕዙ ኣብ ኤርትራ ዝተኸሰተ ኢሓላፍነታዊ ጉጅለ ሎሚ ብህግደፍ ዝፍለጥን ተላልዩን ዘሎ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተበገሰ ሓበራዊ ረብሓ መሰላዊ መርሓ ኣብ ኤርትራ ጽልዋ ከይህልዎን ንውዲታዊ ውጥን ግበታኡ ከይዕንቅፎ እታ ወትሩ ዓወት እትዓምም ሕውነታዊ ሕብሔባዊ ስድራቤታት ትግርኛ ነቲ ተሓላልያ ተሓባቢራ ዝኣወጀቶን ዘረጋገጸቶን ዓወት እናኣስተማቐረት እቲ ምትሕቑኻፍ

ንዘልዓለም ንግብትነት ምጉሓፍ ከም ዝኾነ ተረዲኡ ነታ ጥምረት ገመድ ጸኒዓ ንኽይትጥመር ኣብ ምልሕላሕ ጥራሕ ዘይኮነ ንምብታኽ ተጓይዩ ኣብ ዘይተሓልመን ዘይተሓሰበን ደም ንስድራቤታት ኣዳሚዩ እነሆ ሕጂ ብዘይፈልጦ ብዘይሓሰቦ ብዘይጠለቦ ተጻብኦን ረጽምን መላዝብትን መተሓላለይትን ስድራቤታት ብደም ኣጠላቕዩ ንጥሙር ምትሕልልያቶም ብክወጽእ ዘይኽእል ናፍቖት ኣቐንዚዩ ይርከብ።

ካብዚ ሓቂ እዚ ተበጊስና

ንደላይ ህውከትን ተጻብኦታትን ሓግሒግና ኣብቲ መሰረታዊ ታሪኻዊ ተሓላላይነት ፍቕሪ ሰላም ሕውነት ንምጽዳቕን ምርግጋጽን ብድሕሪ ሕጂ ከምዚ ዘኣመሰለ ጽላሎቱ እውን ከይቕልቀል ነባሪ ዘይተነካኢ ሰላምን ሕውነት ብሄር ትግርኛ ይኹን ተዳወብቲ ብሄራትን ከቢረን ተኸባቢረን ተፋቒረን እሂን ምሂን ተባሂለን ጎብለል ዓመጽ ዘየርክበለን ደረት ንኽንስርት ክንምስርት ንመጻኢ ወለዶታት ከኣ ጥጡሕ ህይወት ከነረክብ ነዚ ተበግሶ እዚ ኣበጊስና ኣሎና ኩሉ ደላይ ፍቕርን ሕውነትን ሰላምን ከም ዝድግፈና ሸቶና ከነዔውት ከም ዝተሓባበረና ፍጹም ጥርጥር የብልናን እሞ ሰዓቡና ሰዓቡና ኢደይ ኢድካ ተባሃሂልና ንደልድል ንጸረ ሰላምን ሕውነትን ኸንክንብል።

# ዓንደ ሕግና

**ዓንቀጽ 1**

**አመሳርታ ማሕበር፡**

ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ሕጋዊ ሰብነት ዝህልዎ ኣካል ኮይኑ በዚ ህንጻ መሰረት ክመሓደር ንዘይተወሰነ እዋን ዝተመሰረተ መንግስታዊ ፖለቲካዊ ዘይኮነ ዘይሻራዊ ንውልቀ መኽሰብ ዘየንቀሳቕስ ማሕበር እዩ።

**ዓንቀጽ 2**

**ስም ማሕበር**

በዚ ዓንዲ ሕጊ ዝቖመ ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ብሓጺሩ ማ.ሰ.ሕ (ማሕበር ሰላምን ሕውነትን) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ይኸውን።

**ዓንቀጽ 3**

**ኣርማ ማሕበር (መለለይኡ)**

ምስሊ ርግቢት ኣብ ልዕሊ ዝተጣማመረ ኣእዳው እናዕረፈት ዘርኢ ኣብ ሰማያዊ ሕብሪ መደብ ይኸውን

**ትርጉሙ**

3.1. ምስሊ ርግቢት - ሰላም
3.2. ዝተጠማመረ ኣእዳው - ሕውነትን ፍቕርን
3.3. ሰመያዊ ሕብሪ - ብሩህ ተስፋ

**ዓንቀጽ 4.**

ማሕበርና ንኹሉ እቲ ብዓለመለኻዊ ሕቡራት መንግስታት ዘጽደቖእ ክብረ መሰልን ናይ ዝኾነ ይኹን ዜጋ፣ ጾታ፣ ምእመና፣ ምኽባር ይኣምንን ኣብ ወጽዓን መሰል ግህሰትን

ዝተራእየሉ ናብ ዝምልከቶ ትካል መንግስቲ ይኹን ትካላት ሕቡራት መንግስታት ዓለምን ዓለመለኻዊ ቤት ፍርዲ ዓለም ይኸስስ ጭብጥታት ብምቕራብ ከኣ ብስም ግሁሳት ተጣባቒ ይኸውን። ንውዑል ሕቡራት መንግስታት ዓለም ቅጥዕታቱ ሕግታቱ ብዘይ ሻርነት ብዘይንሕፈት ኣብ ግብሪ ከውዕል ይጣበቕ፤፤

**<u>ዓንቀጽ 5</u>**

መሰል ብሄራት ምርግጋጽ ስድራቤታት ዋንነቶም ዘረጋግጽ ኮይኑ፡ ባይታ ሓበራዊ ረብሓ (ደሞክራሲ) እቲ ንሃገራት ኣሰማሚዑ ኣከባቢኣ ጥቕሚ ረብሓ ህዝቢ ዘውሕስ ቅዋም ምሕደራ መሰረቱ መሰል ብሄራት ምርግጋጽ ዘውሕስ ክኸውን ይኣምን። ኩሉ ደላይ ሰላምን ሓበራዊ ረብሓ ኣኽባር ሕግን ፍትሕን ኣጽዲቑ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ ይቃለስ።

**5.ሀ. <u>ብሄር ማለት</u>**

ትርጉም ብሄር ማሕበር ሰላምን ሕውነትን እምነቱ ኣገባብ መናባብሮኡ ባህለ ልምዱ ዝጠመረ ዝተጣማመረ ስድራቤታት ኮይኑ፡ ብማዕርነት ብተሓባሓብነት ብሕጊ እንዳባትነት ጾታ ምእመና (ሃይማኖት) ከይፈለየ ሓደ ስድራ ኾይኑ ምስ ንሃገራዊ ምስረታ ዝሰማምዕዎ ዘኽብሮም ዘኽብርዎ ብሄራት ተጠርኒፉ ኣብ ፍቕርን ሓድነት ሕውነትን ዝኣምን እዩ።

5.ለ. ብሄር ማለት ኣብ ፍቕርን ምትሕልላይን ዘይምጽባእን ብሕገ እንዳባኡ ዝቕየድ ጸገማቱ ብእሂን ምሂን ተረዳዲኡ ባዕሉ ዝኣልን ዝፈትሕን ኣወንታ መነባብሮ ዝኣምን እዩ።

5.ሐ. ህዝቢ ማለት ብሄር ብሄራት ማለት ህዝብታት ስድራቤታት ዘጠቓልል ኣወንታ እዩ።

**<u>ዓንቀጽ 6.</u>**

**<u>ናይ ኣህጉር ዶባቱን ተቐመጥቱን</u>**

ጆግራፋዊ ኣቀማምጣ መሬት ኣህጉራት ደቂ ሰብ ዝሰፍርዎ ኾይኑ ናይቲ ቦታ ፈለጥቱን መስከርቱን ንጹራት ምስክራት እቶም ነበርቲ እዮም ነዚ ኸኣ እዩ ምትእምማንን ምምዕባልን ኣብ ሓበራዊ ረብሓ ዘተኮረ ለልዑላውነቶም መመንነቶም ከይተገሃሰሱ ሓለዋ ፍቕርን ሕውነትን ክኾኑ ምትብባዖም ዝድለ ክህልው ከኣ ክጸዓር ንክስራሕን ዘለዎ።

6.ሀ. መሬት ብምድማይ ብምጽባእ ብምትህልላኽ ኣይሰፍሕ ኣይሓጽር ኣይነውሕ። ኮይኑ እቲ ኣህዛብ ተፋቒሩ ተኸባቢሩ ዝነብረሉ ኣብ ነንሕድሕዱ ዝከባበረሉ መርዓ ይኹን ሓዘን ሃብቲ ይኹን ስእነት ናይ ኩሎም ብቐረባ ጽልዋ ኾይኑ ባዕሎም ንባዕሎም ፍታሕ ክረኽቡሉ ምትሕቝቛፎም ኣድማዒ ባይታ ይኸውን።

ለ. ስእነት መሰረት ናይ ተጻባእነት ናይ ተበለጽቲ መለኽነት ባይታ ኮይኑ፡ ኣብ ዘይድለይ ኣብ ዘይግባእ ምስሕሓብ ንኽይኣትው ወይ ከይጸልው ማሕበር ሰላምን ሕውነት መኽተኡ ጸረ ስእነት የማዕብል። ንጎረባብቲ ተቐማጦ ዘርብሕ ባይታታት የጣጥሕ።

**<u>ዓንቀጽ 7</u>**

**<u>ሕሉፍ ተጻብኦ</u>**

እቲ ሃንደበታዊ ተጻብኦ ክሳዕ ምትህልላቕ ስድራቤታት ትግርኛ ዘብጽሖ ጎንጺ ናይ ውልቀ ተረባሕነት ሰባት ድኣ እምበር ናይ እቲ ስድራቤታት ተበግሶ ድልየት ከም ዘይኮነን ከም ዘይነበረን ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ይኣምን ንእተፈጸመ ረጽሚ ኸኣ ብዕቱብ ይኹንን።

7.ሀ. ኩሉ እቲ ዝተፈጸመ ምፍንቓል ስድራቤታት ናይ ኣሕዋት ምቅትታል ዘብጽሔ ኩነት ኩሉን ኮይኑ በዚ ፍጻሜ እዚ ኣከናውንቱን ቶኻቶኽቱን ንብግብረ ጽንተት ተኸሲሶም ኣብ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ዓለም ከሲሱ የቕርብ።

ለ/ ኣብ እተፈጸመ ዘይተደላያይ ተጻብኦ ዝዓነወ ንብረትን ጥሪትን ብዓለመለኻዊ ግብረ ሰናያትን ተሓጋገዝቲ ውልቀሰባትን ቅዱስ ኣስተዋጽኦ ሓገዛት ተኣኪቡ መጸገን እቲ ዕንወታት ይገብር።

ሐ/ ናይ እዚ ኣዕናዊ ኩነት ብኽልቲኡ ሸነኽ ማለት ብወገን ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተሃሰየ የዋህ ስድራቤታት ምኺኑ ብዘይሓለፋ ብዘይሻርነት ብማዕረ መዚኑ ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ነዚ ዕንወት ብዕቱብ ብስም ክልቲኡ ህዝቢ ስድራቤታት ይኹንን ብድሕሪ ሕጂ ንኸየጋጥም ከኣ ጽኑዕ ገደብ ይስርት።

**<u>ዓንቀጽ 8</u>**

**<u>ታሪኻዊ ሓወልቲ፡</u>**

ብእተፈጸመ ኣዕናዊ ተጻብኦ ግቡእ ሓዘኑ ብምቕዳም ኣብ ዶብ ክልቲኡ ሃገራት ሓደ ናይ ሰላምን ሕውነትን መራቒ ሓወልቲ ይተክል።

8.ሀ. ዕለት 8 ናይ ወርሒ ግንቦት (ብግሬጎርያን ኤውሮጳ ኣቋጻጽራ መዓልቲ ) ሰማእታት ግዳይ ዘይተደልየ ተጻብኦን ምትህልላቕን ዝኾኑ ኢሉ ዓመት ዓመት ከም ዝኽበር ይግበር።

ለ/ ኣብ ዞና እቲ ደም ንጹሃት ዝተፋሰሰሉ ሓደ ናይ ክልቲኡ ሸነኽ ረብሓ ዘልምዕ ንክልቲኦም ሸነኻት ዘዕግብን ዝጠቕምን ቤት ሕክምና ክግበር ምስ ዓለመለኻውያን ግብረ ሰናያትን ውልቀ ሰባት ግዱሳትን ተመያይጡ ኣብ ምትግባሩ ንምውዓል ይጽዕር።

**<u>ዓንቀጽ 9</u>**

**<u>ቤት ጽሕፈት ማሕበር ሰላምን ሕውነትን፡</u>**

ቤት ጽሕፈት ማ.ሰ.ሕ ምቹእ (ብቑዕ) ቦታ ከተማ ክሳዕ ዝህልዎ ዋና መንቀሳቐሲ ቦታኡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ. ሽረ መቐለ ይኸውን።

9.ሀ. እዚ ቦታታት እዚ መምረጺኡ እቲ ናይ ሽረን መቐለን ብቐረባ ኩነታትን ተሓታትን ጽገና ዘድልዮም ዝዓነው ንብረታትን፣ ጥሪታትን ዝተፈናቐሉ ስድራቤታትን ብቐረባ ዘድልዮም ዝኣልዮም ኣብ ጥጡሕ መነባበሪ ዘሰጋግሮም ባይታታትን ንምክትታልን ንምምስራታትን ክጥዕም ዝተባህለ ኾይኑ እቲ ናይ ኣዲስ ኣበባ ቤት ጽሕፈት ምስ ዓለመለኻዊ ርክባትን ምትሕግጋዝን ዘጥዕም ባይታ ንምፍጣርን ኮይኑ ንቐጻሊ ኩነታት ኣብ ዝፈቐደሉ ብወገን ኤርትራ ኣብ ኣስመራ፣ ባሬንቱ፣ ዓሰብ ክኸፍት ይመባጸዕ።

ለ/ ኩሉ ብግብረ ሰናያት ትካላት መንግስቲ ይኹን ማሕበራት ውልቀ ግብረሰናያት ሰባት ነዚ ዓቢይን ታሪኻውን መደባት ክተሓባበሩ ኣስተዋጽኦኦም ከኣ ብቐጥታ ዝከታተሉሉ መርበባት ክግበር ይመባጸዕ።

**<u>ዓንቀጽ 10</u>**

**<u>ማሕበር ሰላም ሕውነትን ፖለቲካዊ ውድባትን፡</u>**

ማሕበር ከምቲ ኣብ ዓንቀጽ 1 ጠቒሱዎ ዘሎ ካብ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ነጻ እዩ።

10. ሀ/ እምነት ማሕበር ፖለቲካዊ ውደባ ናይ ህዝቢ መሳርሒ ድኣ እምበር ናይ ህዝቢ ኣስራሒ (ወሃብ ስራሕ) ኣይኮነን ዝብል ጽኑዕ መርገጽ ኣለዎ።
ለ/ ናይ ዝኾነ ይኹን ቅውምን ዝቐውምን ፖለቲካዊ መደባት ሰነዳት ኣንቢቡ ተመራሚሩ ህዝባዊ ጥቕሚ እዩ ኣይኮነን ዝብል ህዝቢ ርእይቶ ክህብ ይዝርግሕ ብተቐባልነቱ ዘይተቐባልነቱን ኣይሕተትን ይሓይሽ ኣይሓይሽን ዝብል ርእይቶ ኣይህብን።
ሐ/ ዕላማ ማሕበር ህዝባዊ ረብሓ ስለ ዝኾነ ህዝቢ ይረብሓሉ እየ ክሳዕ ዘይብል ቅብልነት ናይ ዝኾነ ሰነድ ፖለቲካ ኣይመክር ኣይደፋፍእ።

## <u>ዓንቀጽ 11- ማሕበር ሰላምን ህውነትን ብሄራዊ ውደባን፥</u>

ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ምስረታኡ እምነቱን ንነባሪ ቅሳነት ስድራቤታት ስለዝኾነ ስድራቤታት ከኣ ብብሄራት ዝተጠምረ ስለ ዝኾነ ዑቱብ ድጋፉን ሓበራዊ ቃልሱን እምነቱ እዩ።

11.ሀ/ ዓዲ፣ ወረዳ፣ ኣውራጃ፣ እንዳ መሰረት ናይ ስድራቤታት ስለ ዝኾነ እቲ ስድራቤታት ሕገ እንዳባኡ ስለ ዘለዎን ብኡኡ ስለ ዝቕየድን ዝቕይድን እቲ ሕግታት ኣብ ዝጠሓሰሉ ባዕሉ ብገዛእ ባህሉ ሓጋግን ፈታሕን ስለ ዝኾነ (ድለላ) ኣቀናበርቲ ዘይብሉ ዘከባብሮም ኣቕሲኑ ዘንብሮም ኮይኑ እቲ ንፍጹም ቅሳነት መሪሕ ኮይኑ ዘንብርን ዋንነት መንነቱ ዘረጋግጽ እዩ።

11.ለ/ ኩለን ብሄራት ኤርትራ ከምኡ እውን ብሄራት ጎረባብቲ ሃገራት ምሉእ ምትሕልላይን ምትብባዕን ኩሉ ኣድላያይ ዝበሃል ደገፋት ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ይኣምንን ኣብ ዝተጻወየ ይዋሳእን።

11.ሐ/ መሰል ብሄራት ምስ ዝረጋገጽ መሰል ህዝቢ ዝተረጋገጸ ይኸውን፥

11.መ/ መሰል ብሄራት ምርግጋጽን ምውሓስን ኣወንታውን ኣድማዕን ኮይኑ ካልእ መተካእታ የብሉን።

11.ሰ/ ኣብ መሰል ብሄራት ዝተሰረተ ውሑስ ቅዋማዊ ምሕደራ ሃገር ዋንነት መንነት ህዝቢ ከም ዝኾነ የረጋግጽ።

11.ረ/ ሃይማኖታዊ (ምእመና) ምስሕሓብ ምትፍናን ከምኡ እውን ዶባዊ ግርጭት እንኮ ፈታሒኡን ገታኢኡን መሰል ብሄራት ምውሓስን ምርግጋጽን ምዃኑ ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ይኣምን።

11.ቀ/ ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ብምትሕቑቛፍ ብሄረ ትግርኛ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘጥርዮ ሃብታም ኣስተዋጽኦ ባይታ ቅሳነት ስድራቤታትን ዕንወት ወልቀ ረብሓነትን ኣነጺሩ ታሪኻዊ ሓብሓቢ ህይወት ንዘሎን ዝመጽእን ወለዶታት መሪሕ መምህር ኮይኑ ካብ ውሉድ ናብ ወለዶ ከም ዝወራረስ የውርስ።

11.በ/ ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ንዘረጋግጸ ሽቶ ሕውነትን ሰላምን ናይ ብሄረ ትግርኛ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣረኣያ ኾይኑ ናብ ኩለን ተዳወብቲ ብሄራት ክሰፍን ኽከባበር ዕቱብ ቅዱስ ጻዕርታቱ የከናውን።

## <u>ዓንቀጽ 12 ማሕበርን ደቂ ማሕበርን</u>

ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ደቂ ማሕበር ከጸውዖም ከም ደቂ ማሕበር ዘረጋግጸምን ኣካላት ዝገብሮምን ኩሎም እቶም ብብሄር ትግርኛ ዝፍለጡ ኤርትራውያን ይኹኑ ኢትዮጵያውያን እዮም።

12.ሀ/ ኣካላት ዝገብሮም ብኣህጉራዊ ልዑላውነት ድኣ ይፈላለዩ እምበር ካብ ጥንቲ ብሓደ ስድራቤትነት ሕጊ እንዳባትነት ዝጠምሮም ክሳዕ ኣብ መውሰቦ ቃል ኪዳን ዘተኣሳስሮምን ሓደ ባህሊ ልምዲ ዘለዎምን እዮም።
12.ለ/ ኣብ ጥንታ እዞም ስድራቤታት ዘመን ይበሃል ውልቀ ረብሓነት ዘተኣታተዎ ረጽሚ ጽልኢ ጠፊኡ ሰላምን ፍቕርን ኣብ ጥንታኦም ዝነግሰሉ ባዕሎም ንባዕሎም ይቕረ ይቕረ ተበሃሂሎም ዝሰዓዓሙሉ ብድሕሪ ሕጂ ብዘይድልየቶም ብዘይተበግሶኦም ዝኾነ ይኹን ነኽሲ ንኽይናኽሱ ሕውነቶም ንኽይራኽስ ወሰንቲ ዝኾኑሉ ባይታ ንምንጻፍ፡
12.ሐ/ ነባሪ ጥምረት ብሄረ ትግርኛ ኣወንታዊ ኣድማዒ ንፍቕሪ ሰራዒ ክኸውን ብክልቲኦም ሸነኽ ስድራቤታት ንኽረጋገጽ።
12.ሰ/ ካብ ውሉድና ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ፍቕሪ ሕውነት ኣንጊሱ ዘንብር ባይታ ይንጸፍ።

## ዓንቀጽ 12 - ኣባልነት ማሕበር

ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ኣባል ክኸውን ንዝደሊ ነዚ ተነዲፉ ዘሎ ቅጥዒ ኣሚኑ ኣኽቢሩ ክዋሳእ ንዝደሊ ማዕጾኡ ክፉት እዩ።

13.ሀ/ እዚ ማሕበር ጾታ፣ እምነት፣ ዜግነት ኣይፈልን፡
13.ለ/ ኩሉ ዓቕሙ ከበርክት ከማዕብሎ ዝውፈ ብሓጎስ ይቕበል፡
13.ሐ/ እዚ ማሕበር ናይ ዝኾነ ፖለቲካዊ ሰልፊ ተጽዕኖ ኣይህልዎን
13.መ/ ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ስድራቤታት ብሄረ ትግርኛ ይኹን ድኣ እምበር ካልኦት ብሄራት ኣብ ናቱ ምትሕብባር ምምኽኻር ዝሓታሉ ምሉእ ብምሉእ ይተሓባበር ንምምዕባሌን ከኣ ዓቕሙ ብዝኽእሎ ይዋሳእ።

## ዓንቀጽ 14. መንቀሳቐሲ ማሕበር

ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ንምምዕባሉን ምስፍሓፋሑን ካብ ብጉባኤ ማሕበርተኛታት ዝተሰማምዔ ዓመታዊ ወይ ወርሓዊ ውጽኢት ይኸውን።

14.ሀ/ ካብ ትካላት ስርዓታት ግብረ ሰናይ ዓለም ትካላት ውልቀ ርቡሓት (ሃብታማት) ዝውፈየሉ ሓገዛት ይቕበል ይወርስ፡
14.ለ/ ኩሉ ውህበታት ወፈያታት ፖለቲካዊ፣ ውል ረብሓዊ፣ ተጽዕኖ ክህልዎ ኣይክእልን ኣይቅበልን ከኣ።
14.ሐ/ ኩሉ ዝብርከቶ ዝወሃቦ ሓገዛት ወፈያታት ካበይን ካብ መንን ስለምንታይን ብቓልዕ ማለት ብዝዋፈራ ማዕከናት ዜና ንኹሉ ይሕብር።
14.መ/ ንምምዕባልን ዕላማ ማሕበር ንምትግባርን ዝሕተት ሓገዛት ከሳርሕዎ ከተሓትትዎ ዝኽእሉ ውልቀ ሰባትን ማሕበራትን ይመዝዝ፡
14.ሰ/ ኣታውን ወጻኢን ማሕበር ኣኣብ 90 (ተስዓ) መዓልቲ (ሰለስተ ወርሒ) ንኣፍልጦ ኩሉ ብዝዋፈራ ማዕናት ዜና ንኹሉ ይሕብር።
14.ረ/ ንብረት ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ዋንነቱ ናይ እቶም ብሰንኪ ዘይተደልየ ረጽምን ተጻብኦን ዘምጽኦ ዕንወት ዘጋጠሞም ኮይኑ ክሳዕ ኣብ ንቡር ህይወት ማዕረ ኩሉ ኮይኖም ዝዓግቡሉ ይኸውን።

## ዓንቀጽ 15- ናይ ክብሪ ኣባልነት

እዚ ክብሪ ኣወሃህባ ንኹሎም እቶም ኣብ ማሕበር ተወፍዮም ክሰርሑ ግዜ ዘይረኸቡ ነዚ ቅዱስ ዕላማ ማሕበር ዝድግፉ ይኾኑ

15.ሀ/ ኣብ ዝግበር ኣኼባ ይኹን ጉባኤ ወይ ዋዕላ ምስ ኣሰናደውቲ ኮሚቴ ኾይኖም ዛዕባ (ኣጀንዳ) የቕርቡ እቲ ኣኼባ፣ ጉባኤ፣ ዋዕላ ብልክዕን ብዘይ ኣድልዎን ንኽካየድ ይቆጻጸሩ፡

15.ለ/ ብኣኼባ፣ ጉባኤ፣ ዋዕላ ዝሓልፍ ውሳኔታት ይምዝግቡ ደምጾም እውን ይህቡ፡

15.ሐ/ እዞም ናይ ክብሪ ኣባላት ዝጽውዑ ኣብ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ መንግስታዊ ስራሓት ዘይሰርሑ ዘየሳርሑ ብውልቀ ንብረቶም ዝመሓደሩ ክኾኑ ይግባእ።

15.መ/ ንጠለብ ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ኣብ ዘውጽኦ መደብ (ፕሮጀክት) ኣበርክቶኦም ብዘይተጽዕኖን ውልቀ ሕቡእ ረብሓን ከበርክቱ ይኽእሉ።

## ዓንቀጽ 16 - መስራቲ ጉባኤ

ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ብኣብ መስራቲ ጉባኤ ዝሓለ ውሳኔ ላዕለዋይን ማእከላይን መሪሕነት ዝጽውዑ ሰባት ንበቲ መስራቲ ጉባኤ ዝተኻፈሉ ዘጽድቕዎ ዕድመ ይምራሕ።

16.ሀ/ ዝምረጹ ኣባላት ላዕላዋይን ማእከላይን ሽማግለ ማሕበር ካብ ክልቲኡ ብሄር ትግርኛ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብማዕረ ቁጽሪ ይምረጹ፡

16.ለ/ 40 ኣርበዓ ካብ ሚእቲ ካብ ዝምረጹ ሽማግለታት ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ካብ ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይ ትሕቲ 35 (ሰላሳን ሓሙሽተን) ዓመት ዘለዎም ይኾኑ፡

16.ለ/ 10 ዓሰርተ ካብ ሚእቲ ካብ ዝምረጹ ሽማግለታት ማሕበር ካብ እተፈላለዩ ተዳወብቲ ብሄራት ይኾኑ። እዚ ኸኣ ንኣብ ጉዕዞ መስርሕ ማሕበር ሰላም ንሕውነትን መቃራረቢ መላዘቢ ባይታ ኣንጺፉ ንኽጸንሕን ናይ ፍልልይነትን ተነዓዓቕነትን ኣምራት ንኽይህልውን ከይቅልቀሉን ገደብ ንምግባር፡

16.መ/ ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ነቲ ተረሓሒቑ ዝነብር ስድራቤታት ብሄር ትግርኛ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ንቡር ሕቑፎኡ ብዝጸነዔ ክነብር እናጸዓረ ኣብ ኩለን ተዳውብቲ ብሄራት ክኒኡ ኣድላያይ ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ ስግር ዶባት እውን ከይተረፈ ተሓባባርነቱ ንምዕባሌ ጻዕርታቱ ከዋስኦ (ከሳርሑ) ቅሩብነቱ የረጋግጽ።

## ዓንቀጽ 17 ፡- ልዑላውነት ኤርትራን ኢትዮጵያን

ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ልዑላውነት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት ኣህጉራዊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓለምን ኣፍሪቃን ዘረጋገጸ እምነቱ ነቕ ዘይብል ኮይኑ ክልተ ሃገራት ድኣ ይኹና እምበር ፍቕሪ ሕውነት ምዕባሌ ህዝብን ሃገራትን ስለዝኾነ ኣህዛብ (ስድራቤታት) ክልቲኡ ሃገር ተፋቒሮም ተኸባቢሮም ዝነብሩሉ ንዘልዓለም ካብ ውሉድ ናብ ወለዶ ፍቕሪ ዘወራርሱሉ ባይታ ክህልው ብኹሉ ዓቕመታቱ ይዋሳእ።

## ዓንቀጽ 18፤ ትሕዝቶ ዓንደ ሕጊ ማሕበር ሰላምን ሕውነትን፡

ኩሎም ግዱሳት ነዚ ንድፊ እዚ ኣንቢቦም ክእረም ዘለዎ ክውሰኽ ዘለዎ ክስረዝ ዘለዎ ነጥበ ሕጊ ኣብ ዝጋባእ መስራቲ ጉባኤ ርእይቶታቶም ክህቡ ብዘይንሕፈት ከቕርቡ መሰል ኣለዎም።

18.ሀ/ ንድፊ ዓንደ ሕጊ ማሕበር ኣብ ዝግበር መስራቲ ጉባኤ ተላዚቡ ምስ ዝጸድቕ ኣብ ቋንቋታት ትግርኛ፣ ዓረብ፣ ኣምሓርኛ፣ ፈረንሳይ፣ እንግሊዝ ብልክዕ ተቶርጎሙ

**ንኹሎም ግዱሳት ይዕደል ከምኡ ኸኣ ንሕቡራት መንግስታት ዓለምን ኣፍሪቃን ትካላትን ኩለን ጉዱሳት ሃገራትን ትካላትንን ይዕደል ኣብ መዝገበን ክሰፍር ይጽውዕን።**

**<u>መተሓሳሳቢ</u>**
**<u>ንኹሎም ግዱሳት</u>**

**እዚ ኣድማዒ ኢልና እነቕርቦ ዘሎና ምስረታ ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ኣብ ግብሪ ንኽውዕል ብእተኻእለ መጠን ኣብ መወዳእታ ወርሒ ጥቕምቲ ክሳዕ ፍርቂ ወርሒ ሕዳር** 2010 (**ብግሮጎርያን - ኤውሮጳ ኣቆጻጽራ**) **መስራቲ ጉባኤ ክጽውዕ መደብ ስለ ዘሎ ኩሎም ነዚ ጽሑፍ እዚ ኣንቢቦም ንኣብ ጥቓኦም ዝርከብ ደላይ ሰላምን ሕውነትን ክመራመረሉ ርእይቶኡ ክህበሉ ክዕድልዎ እናዓደምና ዝኾነ ይኹን ሓሳባት ናይ ተቐባልነትን ተነጻግነትን ኣብ** selamin_hiwinetn@yahoo.com **ሓበሬታታት ምጽባይና ብኣኽብሮት ነፍልጥ።**

**ግዱሳት ንተበግሶ**
**ማሕበር ሰላምን ሕውነትን ትግርኛ ስድራቤታትን ተዳወብቲ ብሄራትን**